ዜጋ ወጻኢ ሃገር ንዝኾንካ

# ሓገዝ ካብ ማእከል ደገፍ ተመሃሮ ማለት ሲኤስኤን (CSN) ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክትጅምር ዲኻ፧ ትጅምር እንተ ኾይንካ: ካብ ሲኤስኤን (CSN) ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ዝተፈላለዩ ዚሕተቱ ሓገዛት እዮም ዘለዉ። ካብዚ ኣስዒብካ እምበኣር: ንዓኻ ንወጻእተኛ ከመይ ከም ትገብር ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ'ዶ ትደሊ፧** ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት ኣብ csn.se እቶ። ወይ ብስልኪ 0771-276 000 ደውለልና።

## ዝተፈላለዩ ሓገዛት ሲኤስኤን (CSN)

ኵሉ ዓይነት ኪውሰድ ዚኽእል ሓገዝ: እንተ ነወሐ ክሳብ'ታ 20 ትመልኣላ ዓመት ዘላ መንፈቕ ጽድያ ኢኻ ትወስዶ። ድሕሪዚ ግን መተሓዳደሪ-ትምህርቲ ትሓትት

### ሓገዝ ትምህርቲ (Studiebidrag)

ሓገዝ ትምህርቲ 1 250 ክሮኖር ንወርሒ'ዩ፤ ከም ልሙድ ከኣ ኣብ 10 ኣዋርሕ ዓመት: ካብ መስከረም ክሳዕ ሰነ ይኽፈል። ሓገዝ ትምህርቲ ንምርካብ: ግድን 16 ዓመት ዝመላእካን ምሉእ ግዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እትመሃርን ክትከውን ኣለካ።

### ዚያዳ መወሰኺታ ሓገዝ (Extra tillägg)

እቶት ስድራኻ ትሕቲ ሓደ ፍሉጥ ደረት እንተ ኾይኑ: ቀኑብ ዝይድ ዝበለ ሓገዝ ኪወሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኻ። ዚያዳ መወሰኺታ ሓገዝ ከኣ ይበሃል። ማዕረ ክንደይ ሓገዝ ትረክብ ዚውስኖ መጠን እቶት ስድራኻ'ዩ።

### መወሰኺታ ሓገዝ ገዛን መጕዓዝያን (Inackorderingstillägg)

መወሰኺታ ሓገዝ ገዛን መጕዓዝያን (Inackorderingstillägg) ንገዛን ጉዕዞን ዚምልከት ሓገዝ'ዩ ነዚ ሓገዝ ከኣ: ኣብ ሓደ ብሕታዊ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ወይ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ (folkhögskola) ትመሃር ኮይንካ ኣብ ካልእ ቦታ ክትቕመጥ ትግደድ እንተ ኾይንካ ኢኻ ትሓቶ።

ኣስተውዕል! ኣብ ኮሙናዊ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ትመሃር እንተ ኾይንካ: ሓገዝ ገዛን መጕዓዝያን: ኣብ ክንዲ ኣብ ሲኤስኤን (CSN): ብቐጥታ ኣብ ኮሙንካ ኢኻ ትሓትት።

### ሓገዝ ተልመደን (Lärlingsersättning)

ሓገዝ ተልመዴን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ተልመደን ትመሃር እንተ ኾይንካ: ወይ ከኣ ብመደብ መእተዊ ኰይኑ ትምህርቲ ተልመዴን ዓይነት ትምሃር እንተኾንካ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። ነቲ ኣብ እዋን ልምምድ ኣብቲ ቦታ ስራሕ ከድልየካ ዝኽእል ንመግብን መጕዓዝያን ዚኸውን ወጻኢ ንምሕጋጽ ድማ እዩ።

## ንዓኻ ከም ወጻእተኛ ዚምልከቱ ፍሉያት ጠለባት ኣለዉ።

እንተደኣ ዜጋ ወጻኢ ሃገር ኮይንካ: ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ዘሎካን ዘይብልካን: ማለት ካብ ሲኤስኤን (CSN) ሓገዝ ትወሃብን ዘይትወሃብን ንምፍላጥ ሲኤስኤን (CSN) መጽናዕቲ የካይድ። ብድሕሪኡ: ሓገዝ ንምርካብ ነቶም ዝተረፉ ጠለባት ተማልእን ዘይተማልእን ነጽንዕ፤ ንኣብነት ምሉእ ግዜ ትመሃር እንተ ኾይንካ።

ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) ሃልዩካ ኣብ ሽወደን ትቕመጥ እንተ ኾይንካ: ዚበዝሕ ግዜ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ሎካ። ከም ስደተኛ ወይ ንዕኡ ዚመሳሰል ተቘጺርካ ቦርድ ሚግረሽን ብግዜ

CSN nr 1632J/2105/översättning av 1632A-2105

ዝተደረተ መንበሪ ፍቓድ እንተ ሂቡካ'ውን ዚበዝሕ ግዜ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል ኣሎካ። ከም ሓታቲ ዕቑባ ንሽወደናዊ ሓገዝ ትምህርቲ መሰል የብልካን።

ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) እንተ ዘይብልካ: ወይ ከም ስደተኛ እንተ ዘይተቐጺርካ: ከከም ዜግነትካ: ማለት ከም መጠን ዜጋ ኤውሮጳዊ ሕብረት/ወይ ዜጋ ኤውሮጳዊ ቍጠባዊ ምትሕብባር (EU/EES): ከም ዜጋ ስዊዘርላንድ ወይ ዜጋ ካልእ ሃገር መጠን ዝተፈላለዩ መምርሕታት ኣለዉ። ተወሳኺ ሓበሬታ: ኣብ ቈጽሊ ሓበሬታ ”Svenskt studiestöd för studier i Sverige för dig som är utländsk medborgare” (CSN nr 4146) ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

እዛ ቈጽሊ ሓበሬታ 'ዚኣ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት csn.se ኣላ።

ኵሉ ዚምልኡ ቅጥዒታት ኣብ csn.se/blanketter ኣሎዉ።

## ገንዘብ መዓስ ይመጸካ፤

18 ዓመት ምስ መላእካ እቲ ሓገዝ ባዕልኻ ትቕበሎ፤ ክሳዕ ሽዑ ግን ናብ ወላዲ ወይ ናብቲ ሓገዝ ቈልዓ ዚወስድ ዝነበረ ይለኣኽ። ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ ብዘይ ወለዲ ንውልቅኻ ዝመጻእካ እንተ ኾይንካ: ተቐባሊ ሓገዝካ ኪኸውን ጉድማንካ ሕቶ ኬእቱ ይኽእል'ዩ።

እቲ ፋልማይ ክፍሊት መዓስ ይመጽእ ዚውስኖ እቲ 16 ዓመት እትመልኣሉ ዕለት'ዩ። ክሳዕ'ታ ቀዳመይቲ ክፍሊት ካብ ሲኤስኤን (CSN) ትመጽእ: ሓገዝ ቈልዓ (barnbidrag) ካብ ቤ/ጽ ውሕስነት ካሳ ይመጸካ።

| **16 ዓመት ዚመልእ** | **ፋልመይቲ ክፍሊት ካብ ሲኤስኤን (CSN)** | **ናይ መጠረስታ ሓገዝ ቈልዓ ካብ ቤ/ጽ ውሕስነት ካሳ** |
| --- | --- | --- |
| ጥሪ-ሰነ | መስከረም | ሰነ |
| ሓምለ-መስከረም | ጥቅምቲ | መስከረም |
| ጥቅምቲ-ታሕሳስ | ጥሪ | ታሕሳስ |

ብድሕሪኡ: እቲ ገንዘብ ካብ መስከረም ክሳዕ ሰነ: ኣብታ ናይ መጠረስታ መዓልቲ ስራሕ ይመጽእ። መወሰኺታ ሓገዝ ገዛን መጐዓዝያን (Inackorderingstillägg) ሓገዝ ተልመደንን (Lärlingsersättning) ካብ መስከረም ክሳዕ ግንቦት ይኽፈል።

## ካብ ቤት ትምህርቲ እንተ ሓኪልካ (በኹርካ) እንታይ ይስዕብ፤

ሓገዝ ትምህርቲ ንኽትመሃር'ዩ ዚወሃበካ፤ ስለዚ ትሕክል እንተ ኾይንካ ሓገዝ ክትወሃብ መሰል የብልካን። ካብ ትምህርቲ ብዘይ ፍቓድ ምብኳር'ዩ ከም ምሕካል ዚቝጸር። ካብ ትምህርቲ ትሕክል ከም ዘለኻ ቤት ትምህርትኻ እንተ ሓቢሩና ነቲ ክፍሊት ገንዘብ ደው ነብሎ። ዘይግብኣካ ሓገዝ ወሲድካ እንተ ኤርካ: ግድን ትመልሶ።

ካብ ትምህርቲ ምሕካል: ንኻልእ እትወስዶ ሓገዝ እንተሎ: ንኣብነት ናይ ስድራኻ ሓገዝ ገዛን (bostadsbidrag) መወሰኺታ ሓገዝ ንዝሰደሩን (flerbarnstillägg) ኪጸልዎ ከም ዚኽእል ከኣ ኣይትረስዕ።

CSN nr 1632 J/2105/översättning av 1632 A-2105

*ሕቶታት እንተሎካ ደሃይ ክትገብር ሓንጎፋይ ንበለካ፤ ትምህርትኻ ከኣ የስምረልካ!*